



((ሕቖፊ)) ኣናብስ

1ይ ክፋል

ጎር ዶ ክብለኪ ማሙቕ ሕቑፋ
ዋሕስ ናይቲ ሃዋርያ ሰላም  ናቕፋ
ጽላል ደምበ ሰታር ደጀን ፋርስ
ዑቕባ ተጋዳላይ  ስፍራ ኣናብስ

ኣብቲ ናይ ደም ረግረግ
ምስ ናይ ዘራያት  ፍሕሶ ጠነግ
ኣብቲ ረመጽ ጓህሪ
ዝፋታተን ነዛ ዕምሪ
መሸንቆቋ ዋይት ሃውስ ቅዲ ክረምሊን
ቃጻ ንህላወና ዓለም ክትውግን

መን ነይሩና እንትርፎ ንሳ
በጃና ባዲማ ምስክር እንድዩ ቅርሳ

መዓስ ምሃለና  ኣብዛ ሕንግድ ፕላኔት
ኣይሂ ሓጻውን  ወራር ኣብ ዝባና እንተዘይ ምከት
መን ምተኾበልና  ምመጠውልና ናጽነት
ናቕፋ እንተዘይ ትህሉ ክዉን ዶ ምኾነ ናጽነት

ዘኪረ ነቲ ወናኒ ከቢድ ምስጢር
ዋሕስ ዝኾነት  ኣብቲ መማእለ ወቕተ ጽንኩር
ከርሳ ዝጸሮ  ስፍሪ ኣልቦ ቅያ መስተንክር
ዓቕሚ ግን ይውሕደኒ  ሞያኣን  ውዕለታን ክዝክር

ስክፍታይ ይዛይድ ታሪኻ ከይቋሸሽ
እቲ ረዚን ጎር ሕቕፋ  ዘልመሰ ዓርሞሾሽ
ይዝከራ ብምድንፋቕ  ምስ ሓያል ትዝታ
ትቕጀለኒ ናቕፋ ጸዋር እንግድዓ ሰታሪት ኣዕናን  ዛንታ

ይረኣየኒ  ስፍራ ኣናብስ  ሰንሰለት ከናለ
ፈርኄሎ፣ደንደን ሓሬና  ሪጎለ
ግሎብ ፥ቦሊቦል  ፊደል  ፐ እንዳ ዱባለ
ዓረጥም  ዝወሰደ ለይለያት ሸደንቲ ጎምበለ

ማዕበል ድሕሪ ማዕበል
ድግምጋም  ወራር  ህቦብላ
ብዙርያ  ክትንጸ  ደቃ ከተስርር ንስክላ
ኩሉ ዓይነት ሓጻውን  ኣብ ዝባና  ጽሕዩ
ብሳላ ጽንዓታ  ናቕፋ መሬት ኣስተርሕዩ

ኣደ በዓል ቆጓይ  ሰጣሕ ናሮ
ሓራስ ሓርማዝ  በገስ  ሮራ  ሃበሮ
ቤት ሕመድ  ስዋራ ኩቡብ ብዕራይ
ሰፈራ ኣናብስ መልኣከ ሞት ኣባይ

ዘኪረ
ሞጓዕ  ቀልሃመት  ዓጋመት ምስ ለበብ
ሓየት ዝወደቐሉ  ተራእዩኒ እምበር ኢትተሓልበብ

ጎላጉል እምበ ሃራ ሸገ  ደብረ እመን
ደንቦቤት  ጥርቑሩቕ ዓይገት  ተኣማመን
ኣብ መጋርያ ክንፍተን  ኣብቲ ረመጽ  ኡቶን
ብጀካ ንስኺ ናቕፋ መን  ነይሩና መን

ደም ክዛሪ የዕጽምቲ ተሰይሩ  ስጋ ክመታተር
ኣብ ደብዓት መንድዓት  ጠባይት  ሳልፈር
መርከብና ጉዋ ጥግሕ  ሃጻይነት  እበር
ትንፋስ ዘውዓልኪ ሳሕል  ታሪኽኪ ይዘከር



ይቕጽል....

**ኣሸናፊ ኣብርሃም (ኣሼ)**

**ጀርመን ፍራንክፈርት** 23/01 /2017

**ዓወት ንሓፋሽ**